ብሕይወቶምን ንኣና ንውፉያት፡ ትሕትና ልበሱ ይብሉና! ንሶም ንርእሶም ብምድሓር ንኽልኦት ቅድምና ዝህቡ ፍቅረይናን ምቅሉልን ብምንባሮም ሓለቃ ክነሶም ከም ኣብ ጽሬት ዝኣመሰሉ ስርሓት ንምስራሕ ስንዱው ነበሩ። ዩስጢኖስ ካብ ትሕትናኦም ዝተላዕለ ንሓላፍነታት ኣብ ምቅባል ይቃወሙ ምንባሮምን፣ እንተተቀበልዎ ከኣ ብመንፈስ ተኣዝዞን ኣገልግሎትን እምበር ብቁዕ እየ ኢሎም ኣይሓስቡን ነበሩ። ኣቡን ምስ ተሾሙ እውን ድኅሪ ክንደይ ልመና እዮም ኪቅበልዎ ዝተረኽቡ። እቲ ሓለቃ ኪኸውን ዝደሊ ልኡኽኩም ይኹን፡ ዝብል ወንጌላዊ ትምህርቲ መትከሎም ነበረ ኢሎም። ኣብ ግርማጽዮን ቀጺሎም ብከምዚ መልክዕ ነተን ቅዱስ ኣቦና ሎሚ ንጥበብ ክንደልያን ክንውንናን ክንለብሳን ይላበዉ! ኣብ ሰብን ክቡሩን ዓሚቕ ፍቕሪ ይሃልኹም። ናይ ጸሎት ሰባት ኩኑ፣ ጽኑዓት ኩኑ ተጋድሎ ፍተዉ። ብጸገማት ኣይትሸነፉ፣ ንጸዋዕታኹምን ተልእኾኹም ብዘይ ገለ ገደብ ብዘይ ገለ እንተታት ክሳዕ መጨረሻ ኣፍቅርዎ፣ ልክዕ ከም ክርስቶስ ውፉያት ኩኑ። ናይ ምሕረት ስራሓት ኣዘውትሩ፣ ምስ ርእስኹምን ምስ ቤተሰብኩምን ዝተቀባበጹ ብኡነት መናንያን ኩኑ ይብሉና፣ ብሓያል መንፈሳዊ ቅንኣት ነፍሳት ዝተቃጸልኩም ኩኑ፣ ንኩሉ እትገብርዎ ድማ ብስምቤተክርስትያንን ብስም ማሕበርን ግበርዎ ይብሉና፡ ገርሂ ዝኾነ ቃልን ሕይወትን ይሃልኩም፣መፍቀርቲ ማርያም ኩኑ ይብሉና፣ መጀመርያ ግበሩ፡ ድሓር መሃሩ፣ መሓርቲ ኩኑ፣ ንዝብላ ንኡሳን ኣርእስታት ብሰፊሑ ገሊጾም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ነቲ ቅዱስ ኣቦና ኣብ ጊዜ ዕረፍቶም ንሰዓብቶም ከምቲ ጐይታና ንእግዚእትነ ማርያምን ንሓዋርያቱን ›ደኃን ኩኑœ ቢሉ ዝተፋነዎም፣ ኣነœውን ›ደኃን ኩኑœ እብለኩም። እቲ ከም ውርሻ ክገድፈልኩም ዝብህጎ ›ኣይትፈላለዩœ ዝብል እዩ።.. ካብ ቤትኩም ሓሶትን ሕሜታን ኣርሕቁ። ነንሕድሕድኩም ተፋቐሩ፣ ኣብ እምነትኩም ጽንዑ። ንፍቕሪ ከኣ ልዕሊ ኩሉ ነገር ስርዕዎ፣ ናይ ሃገርኩም ብርሃን ኩኑœœ።‰ነቲ ኩሉœቲ ዝበደልኩኹም ረስዕዎን ይቕረ በሉለይንœœ ቢሎም ዝተላበውዎ፡ ሎሚውን ንኣና ከምኡ ኢዮም ዝብሉና ዘለዉ ክብሉ ሃናጺ ኣስተምህሮኦም ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ብመራሒ መደብ ናይቲ ዕለት ኣባ የማነ ኃይሉ ዝተመርሐ፡ ጸሎት ዓመተ ውፉይ ሕይወት ብሓባር በጺሑ። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ንነፍሲወከፍ ተሳታፊœዚ ንግደት ቅርያት ቅ.ያዕቆብ ድሕሪ ኣሳሊሞም፡ ብምስጋና እቲ መደብ ተፈጽሙ። ነጋድያን ናብ ብደናግል ደቂ ፍቕሪ ሔቦ ዝእለዩ ሕጻናት በጺሖም። ከምቲ ክኸዱ ከለው ክምለሱ ከለውœውን ብጸሎት መቁጸርያን ንመዝሙርን ተሰንዮም ብሰላም ነሥመራ ተመሊሶም።

### ጸሎት ሳምንቲ ምእንቲ ኅብረት ክርስትያን


ካብ 1968 ዓ.ም. ጀሚሩ ኣብ ዕለታት 18 ክሳዕ 25 ጥሪ ኣብ መላእ ዓለም በብናይ ዓመቱ ዝተመረጸ ኣርእስታት፣ ካቶሊክ፡ ኦርቶዶክስን ፕሮተስታንትን ኣብያተክርስትያን ዝሰመራሉ፡ ዓመት መጸ ጸሎት ሳምንቲ፡ ምእንቲ ኅብረት ክርስትያን ከምዝግበር ዝፍለጥ ኢዩ። ሎም ዘመን ከኣ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዓልታት፡ ብደረጃ ዓለምለኻዊት ቤተክርስትያን ዝተሰናደወ፡ ብንሾመንቲኡ መዓልታት ዘሰኒ ኣስተንትኖ ካብ ቅዱስ መጽሓፍን ጸሎትን መርመራ ሕልናን ተመሪሑ፡ ኣብ ኣሥመራ ብርእሰ ኤጳርቅና ብዝተሰናደወ መደብ መሰረት፡ እተን ቀዳሞት ኣርባዕተ መዓልቲ (ካብ 17-20 ጥሪ) ኣኣብ ቊምስናኡ፥ እተን ዝተረፋ ኣርባዕተ መዓልቲ (21-24 ጥሪ ) ግን ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ብሓባር ዝቐጸለን፡ ሰንበት ከኣ ብጳጳሳዊ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝተዓጽወን መደብ ጸሎት ሳምንቲ ተኻይዱ። እተን ካብ ኣሥመራ ወጻኢ ዘለዋ ቁምስናታት ከኣ ነዚ መደብ ተኸቲለን፡ ነቲ ጸሎት ሳምንቲ ኣብ ቁምስናታተን ብሓደ መንፈስን መደብን ተኸታቲለናኦ። ኣብዚ ቆሞሳት፡ ምስ ምእመናን፡ ካህናትን ደናግልን ተመሃርትን ኩለን ማኅበራት ሰብ ውፉይ ሕይወትን ዝተሳተፉዎ፡ ኣኣብ ቁምስናኡን ኣብ ርእሰ ኣድባራት መካነ መንበር ኪዳነ ምሕረትን ብኣስተንትኖ ዝተሰነየ ጸሎት መቍጸርያን ነንዕለቱ ዝተሰናደወ ሓጺር ትምህርትን ምህለላን ንልቢ ብዘለዓዕል ንመንፈስ ዘነቓቕሕ መደባት ተኻይዱ። ኣርእስታት ናይቲ ሳምንቲ እቲ ብቅድስቲ መንበር ዝተሰናደወ ነናይ ዕለቱ ሓሳብ ኣስተንትኖ፡ እቲ እምኒ ዕንቅፋት የንከራሩ፡ ልኡኻት ሓጎስ ንምኻን ኢና ተጸዊዕና፡ መሰኻኽር ሕብረት፡ ወንጌል ንምብሣር ዝተጸውዐ ክህነታዊ ሕዝቢ፡ ሕብረት ሓዋርያት፡ ንሃረርታ ሕብረት ንስምዓዮ፡ ብሕብረት ብሓደ ልቢ ምጽላይ፡ ልባትና ንኅብረት ይጸምእ ኣሎ ዝብል ኣርእስታት ዜጠቓልል ነበረ።

ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም፡ ነቲ ናይ ሳምንቲ ጸሎት ብምስጋና ኣብ ዝዓጸውሉ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ስብከቶም፡ ንናይ ዕለቱ ንባባት ምስቲ መደብ ጸሎት ምእንቲ ሕብረት ክርስትያን ኣተሓሒዞም፣ ቅ.ዮሓንስ መጥምቕ እቲ ንስኻ ዝመስኽርካሉ፡ ባዕልኻœውን ዘጠመቕካዮ፡ የጠምቕ ኣሎ፡ ምስ በልዎ እቲ ካብ ሰማይ ዝተዋህቦ እንተዘይኮይኑ፣ ባዕሉ ከምዚ ዝገብር የለን።

እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ንሱ ኢዩ። ደጊም ንሱ ክዓቢ ኣነ ክትሕት፡ ንሱ ክስማዕ ይግባእ፡ ኩልና ንእኡ ንስማዕ ቢሉ እቲ ሓቂ ከምዝነገሮምን እቲ ንኃጥኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ ንሱ ኢዩ እናበለ ብትሕትና ንኢየሱ ከምዝመስከረሉ ገሊጾም ።ናብቲ ሓድነት ክርስትያን ዝብል ሓሳብ ተመሊሶም ከኣ ሎሚ እቲ ዝፈላልየና እንታይ ኢዩ? ኣብ መንጎና ትዕቢት፡ ህልክ፡ ኣንነት፡ ንፍገት፡ ንኣይ ይጥዓመኒ ብዝብል መንፈስ ክንዲ ንክርስቶስ ንርእስኻ ምቅዳም ኢዩ። ነዞም ፈላለይቲ ነገራት ›እዚኣቶም ክንምሕዮም የድሊ። በዚ ኢዩ ቅ.ጳውሎስ እምበኣር ናይ ክርስቶስ ብምኺንኩም ኣተባቢዕኩም እንተደኣኾይኑ፦ ብፍቅሩ ድማ ተጸናኒዕኩም እንተደኣኼንኩም፡ ምስ መንፈስ ቅዱስ እውን ኅብረት እንተደኣ ኣልዩኩም፡ ከምኡœውን ለዋሃትን ርኅራኄን እንተደኣ ኣልዩኩም፡ ሓንቲ ሓሳብ ብምሕሳብ፡ ብሓንቲ ፍቕሪ ብምትእሳሳር፡ ብሓደ መንፈስ ንሓደ ዕላማ ብምዕያይ፡ ንሓጎሰይ ምልኣት ሃብዎ። ሓንቲ ነገር እኺ፡ ንኣይ ይጥዓመኒ¡ ብምባል ወይ ንውዳሴ ኸንቱ ኢልኩም ኣይትግበሩ። እኳœድኣ ትሕትና ብምልባስ ነቶም ካልኦት ካባኻትኩም ከም ዝበልጹ ገይርኩም ገምቱ። ነፍሲወከፍኩም ናይ ካልኦት ጥቕሚ ደኣ እምበር ናይ ገዛእ ርእሱ ጥቅሚ ጥራይ ኣይርአ። እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባኻትኩም ይሃሉ እናበለ ዚምዕደና።

ሕብረት ብትዕቢት ኣይመጽእን እዩ፡ መንፈስ ትሕትና፡ መንፈስ ሓቂ፡ መንፈስ ቕንዕና፡ መንፈስ ፍትሒ፡ መንፈስ ንክርስቶስ ምቕድም የድልየና። ዲያብሎስ ዘራጊ፡ ፈላላዪ ስለዝኾነ ሕብረት ኣይፈቱንœዩ፡ ዘሕብር መንፈስ ቅዱስœ ዩ። ስለዚ ኢና ኣብ ቅዳሴና ›œኅበነ ንኅበር በዘዚኣከ መንፈስ ቅዱስ¡ እናበልና ንጸሊ። ብስም ክርስቶስ ክንፈላለ ኣይግባእን። ንስብከተ ወንጌልና ዝዕንቅፎ ዘሎ ፍልልይና ኢዩ። ብምሕረትካ ጠምተና፡ ዘኅብር መንፈስካ ልኣከልና፡ ቢልና ንኣምላኽ ንለምኖ ቢሎም ስብከቶም ዛዘሙ። በዚ ከኣ እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሕና ሓደ ከምዝኾናን፡ ንሳቶምœውን ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ እቲ ዝሃብካኒ ክብሪ ሃብኩዎም። እዚ ድማ ከምቲ ኣነ ኣባኣቶም፡ ንስኻœውን ኣባይ ዝኾንካ፦ንሳቶምœውን ብሓድነት ፍጹማት ምእንቲ ኪኾኑ¡ ቢሉ ዝጸለዮ ክፍጸም ኪካየድ ዝቀነየ መደብ ጸሎት ምህለላን ኣስተምህሮታትን ተፈጸመ።





# ብሥራት

ጥሪ 2016 ዓ.ም.ፈ ኅታ ም ቊ.98 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy )

**መሓርቲ ከም እግዚኣብሔር ኣቦ¡**

**ዓመት ኢዮቤል ምሕረት**
**(08 ታሕሣሥ 2015 ክሳዕ 20 ሕዳር 2016)**

**ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ርኅሩሕ ዝኾኑ ንስኻትኩም ከኣ ርኅሩሓት ኩኑ¡።**
**(ሉቃ፣ 6-36)**

# መልእኽቲ ልደት ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

## ኣቱም ጽሙኣት ኵልኻትኩም ናብ ማያት ንዑ¡

ለ፱ ታኅሣሥ ፳፻፱ ዓ ም ግ፥ 7 ጥሪ 2016 ዓ ም ፈ

**ፍቁር ሕዝበ እግዚኣብሔር**

ጕዕዞ ዓመት ምሕረት ካብ እንጅምር ድሮ ወርኂ ሓሊፉ፣ ብዕለት 12 ታሕሣሥ፡ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት፡ ማዕጾ ምሕረት ከፊትና መስዋዕተ ምስጋና (ቅዳሴ) ኣብ ዘዕረግናሉ ንግሆ ዝተራእየ ብዝኊ ሕዝብን ዕዙዝ ተሳትፎን ናይቲ ኣብ ልቢ ነፍስወከፍና ዘሎ ጽምእን ጥምየትን ምሕረት



*ኣምላኽ እዩ ገሊጹልና፣ ዓመ ምሕረት ብምውእዋጁ ከምቲ ኢሳይያስ ነቢይ ንሕዝቢ እስራኤል ዘስምየ፡ ኣቱም ጽሙኣት ኵልኹም ናብ ማያት ንዑ። ኣቱም ገንዘብ ዘይብልኩም ከኣ። ንዑ። ተሻየጡ እሞ ብልዑ፣ እወ ንዑ። ብዘይ ገንዘብ ብኸምኡ ወይንን ጸባን ተሻየጡ፣ ገንዘብኩም እንጌራ ኣብ ዘይኮነ። ጻማኹም ድማ ኣብ ዘየጽግበኩም እተጥፍኡስ ስለምንታይ? ተጠንቂቕኩም ስምዑኒ። ነቲ ዝጸበቐ ከኣ ብልዑ። ብጥዑም ብልዒ ድማ ባህ ኪብለኩም እዩ¡* (ኢሳ 55፡1-2) ዝብል ጸዋዒት ዝሰማዕና ኢና ንመስል ነቢርና።

ከም ሓቁ እንተኾይኑስ፡ ከምሎሚ እዋን እኳ ብዛዕባ ገንዘብ ተዛሪብና ኣይንፈልጥን፣ ብሓደ ወገን ብዛዕባ ዝኣቱን ዝቕየርን ገንዘብ፡ ከምኡውን ብዛዕባ ኣወጻጽኣኡ ብዙኅ ክንዛረብን ክንከራኽርን ቀኒና ኣሎና፣ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ከም ሎሚœኳ ገንዘብ ውሒዱና ኣይፈልጥን ክንብል ንኽእል፣ ንክዳንን ንመግቢ ዕለትን። ንትምህርትን ንደሞዝን-ንስራሕን። ንሕክምናን ንመንቀሳቐስን። ንሓጐስን ንሓዘንን። ንምትሕግጋዝን ንምክሳስን ክንብል እነጥፍኦ ገንዘብን ኃይልን ኣዝዩ ብዙኅ ከምዝኾነ ዕለታዊ መነባብሮና ዝምስክሮ እዩ፣ ኩሉ ዝግዛእን ዝሸየጥን ነገር ክብሪ ኮይኑ ከምዘሎውን ኣይጠፍኣናን፣ ስለምንታይ ደኣ እዩ ነቢዩ ኢሳይያስ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ እዋን። *ኣቱም ገንዘብ ዘይብልኩም ከኣ ንዑ ተሻየጡ እሞ ብልዑ- ገንዘብኩም እንጌራ ኣብ ዘይኮነ፥ ጻማኹም ድማ ኣብ ዘየጽግበኩም እተጥፍኡስ ስለምንታይ?¡* እናበለ ዝሓትት? ከይከፈልካን ከይደኸምካን ዝርከብ መግብን መስተንከ ከመይ ዝበለ እዩ? ኣበይከ ይርከብ? እቲ ለጋሥ ወሃቢኸ መን ይኸውን? ዝብሉ ሕቶታት ንርእስና ክንሓትት ኣገዳሲ ይኸውን፣ ብርግጽ እዚ ኢሳይያስ ዝዛረበሉ ዘሎ መግቢ እቲ ንሕና እንፈልጦ መዓልታዊ ሓላፊ መግቢ ኣይኮነን፣ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቃል እግዚኣብሔር እቲ ነቢዩ እግዚኣብሔር ብነጻን ብብዝኅን ንሕዝቡ ብዛዕባ ዘዳልዎ ካልእ ሺሻይ እዩ ዝገልጽ ዘሎ፣ ምስ እዚ ናይ ሎምዘመን ዓመተ ኢዮቤል ኣተሓሒዝና እንተረኣናዮ ከኣ እቲ ቀዲሕካዮ ዘይነጽፍ በሊዕካዮ ዘይውዳእ ምሕረት ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሺሻይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፣ ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ዘመነ ልደተ-ጥምቀትውን ቅዱሳት መጻሕፍትን ሥርዓት ኣምልኾናን ብዛዕባ እዚ ምሕረት ኣምላኽ እዮም ዝዛረቡና፣ እቲ *ብምሕረት ሀብታም ዝኾነ ኣምላኽ¡* (ኤፌ 2:4)፥ *መሓርን ጸጋውን ኣምላኽ፥ ንኹራ ደንጓዪ፡በዓል ዓብይ ፍቕርን ሓቅን¦* (ዘፍ 34፣6) ምሕረቱ ከኣ ንዘለዓለም እዩ¡ (መዝ 136) ዝብሉ ጠቕስታት ክንሰምዕ ከሎና፥ ምሕረት ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽና መለለይን ዝዓበየ ስራሕን ከምዝኾነ ንርዳእ።

ነዚ ምሕረቱን መደብ ድኅነቱን ብዝተፈላለዩ መንገድታትን፡ ኣብ ዝተፈላለ ጊዜን ዘመንን ክገልጽ ድሕሪ ጸኒሑ ኣብዘን ዳኅሮት መዓልታት ግና ንኣና በቲ ወራሲ ኩሉ ዝገበሮ ወዱ ብኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና፣ ወልድ ናይ ኣምላኽ ክብሪ ዘንጸባርቕœ---ፍጹም ኣርኣያ እግዚኣብሔር እዩ (ዕብ 1: 2-3)፣ ንሱ፡ እዚ ፍቁር ወዱ ኣብ ማእከልና ምስ መጸ እዩ ነቲ ነቢይ ኢሳያስ ኣቐዲሙ ዘበሠሮ መኣዲ እንጌራ ጽድቅን ማይ ሕይወትን ዝሠርዓልና፣ ባዕሉውን ¡ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ እየ፡ እቲ ናባይ ዚመጽእ ኣይክጠምን፡እቲ ብኣይ ዚኣምን ድማ ኣይክጸምእን እዩ/(ዮሓ6፡35)ኢሉና እዩ።

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ብኣና ብደቅሰብ ዝርአን ዝስማዕን፡ ገጽን ድምጽን፡ ናይ መሓሪ ኣቦኡ ኮይኑ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ካብ ድንግል ማርያም ሥጋና ለቢሱ ኣብ ቤተልሔም ተወልደ፣ ስለዚ ልደት ክርስቶስ ንርእሱ ዓብይ ተኣምርን ዓብይ ናይ ምሕረት ስራሕን እዩ፣ ወልደ እግዚኣብሔር ንኣና ክመስል ምምራጹ፥ ኣብ ማእከልና ምሕዳሩ እቲ ዝዓበየን ጭቡጥን ምልክት ፍቕርን ምሕረትን እዩ፣ ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ላዕሌነ ክንብል ከሎና፥ ብሓጺሩ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ገጽœቲ መሓርን ርኅሩኅን ኣቦና ኮይኑ እዩ ክበጽሓና መጺኡ ማለት እዩ፣ ንሱ ጥራይ እዩ መልክዕ እግዚኣብሔር ብርግጽነት ክገልጽ፥ ክምስታ ኣቦናውን ክርእየናን ከጥዕመናን ዝኽኣለ፣ ወንጌል ዮሓንስ ከምዝብሎ ንኣምላኽ ዝረኣዮ ሓደ እኳ የልቦን፡ እንተኾነ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦ ዘሎ እቲ እንኮ ውሉድ ዝኾነ ኣምላኽ ገለጾ (ዮሓ 1:18፥ 6፡46)፣ ጐይታና ኢየሱስውን እቲ ንኣይ ዝርኢ ነቲ ዝለኣኸኒውን ይርእዮ እዩ። እቲ ብኣይ ዚኣምን ዘበለ ኣብ ጸልማት ምእንቲ ከይነብር፥ ኣነ ብርሃን ኮይነ ናብ ዓለም መጺአ ኣሎኹ¡ (ዮሓ 12:45-46) ይብለና፣ ቅዱስ ዮሓንስ ከኣ ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ብዛዕባ እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ፡ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ በዕይንትና ዝረኣናዮ፣ በእዳውና ዘረምሰስናዮ። ቃል ሕይወት ንነግረኩም ኣሎና፣ ሕይወት ተገሊጻ እያ፡ ንሕና ከኣ ርኢናያ ኢና ንምስክርውን ኣሎና፣ እታ ንኣና ዝተገልጸት ምስ ኣቦ ዝነበረት ዘለዓለማዊት ሕይወት ድማ ንነግረኩም ኣሎና¡ (1ዮሓ 1:1-2) ክብል ከሎ እቲ ርጉጽ ገላጺ መልክዕን ጠባይ ምሕረትን ሕይወትን እግዚኣብሔር መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ፣

ኣብቲ ገጽ ምሕረት-ኣምላኺ ዝኣርእስቱ ሓዋርያዊ መልእኽቶም፥ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ እውን መድኀኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዝረአ ገጽ-ምሕረት ናይቲ ዘይረአ እግዚኣብሔር ኣቦ ምዃኑ ኣነጺሮም ይገልጹልና እዮም፣ እዚ ደረት ዘይብሉ መሓርነት ናይ እግዚኣብሔር ግን ካብ ምንታይ እዩ ዝፍልፍል? እንተበልና፥ ካብ እቲ ወሰን ዘይብሉ ዕብየቱን ክእለቱን ስልጣኑን ጥራይ እዩ ዝመጽእ፣ ኣብቲ ኣብ በዓላት ልደተ-ትምቀት እንጥቀመሉ ኣኰቴተ ቊርባን፡ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ኣምላኽ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ንጉሥ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ኩሉ ዝኃዝካ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መላኺ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መድኃኒ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ፈራዲ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መሕየዊ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መጋቢ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ሰሳዪ ኢኻ፥ ብምባል ልዑል ኣምላኽና ዝሰኣኖ ከምዘይብሉ ምስ ተኣመንና፥ ቀጺልና ከኣ ንኣና ንኃጥኣን እንተመሓርካና፡ ሽዑ ኢኻ መሓሪ እትብሃል፥ ንጻድቃንሲ ብምግባሮም ኢኻ እትምሕሮም፥ ከም ጽድቆምውን ትፈድዮም፣ ዝቐደመ በድልና ኣይትዘክር፥ ኦ ጐይታ ምሕረትካ ቀልጢፉ ይምጽኣና፣ ናባኻ ንጠርዕ ናባኻ ነእዊ ናባኻ ንምህለል ኣሎና፣ ንዘለዓለም ዓለም¡ (ሓዳፌ ነፍስ፥ እምቅድመ ዓለም (ዲዮስቆሮስ) እናበልና ኣብቲ ደረት ዘይብሉ መሓርነቱ ዘሎና ዓብይ ተስፋ ንገልጽ፣ ሰናይ ፍቓዱን ክእለቱን እንተዘይኮይኑ ምሕረት ከምጽኣልና ዝኽእል ካልእ ኃይሊ የልቦን፣ በዚ ምኽንያት ኢና መዓልቲ መጸ በከመ ምሕረትከ እግዚኦ ወኣኮ በከመ ኣበሳነ ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር ከም በደልና ኣይትኺደና(መጽሓፈ ቅዳሴ)፥ ኢትግድፈነ ኢትግድፈነ ወኢትመንነነ ኣምላከ ሰላም ተራድኣነ ኣይትግደፈና ኣይትመንነና ኣምላክ ሰላም ተራድኣና(ሥርዓተ ዋዜማ) እናበልና ንልምኖ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅውን ብዓብይ ክእለት፡ ብምኽሪ ርጉም ተመን ትእዛዙ ምስ ኣፍረስና፡ ካብታ ናይ ደስታ ገነት ናብ ጥፍኣት ወጻእና። ካብ ሕይወት ናብ ሞት፡ ካብ ሓርነት ናብ ባርነት፡ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ኃጢኣት ተገዛእና፣ ንሱ ግና ንፍጥረቱ ኣይኀደገናን፡ ሸለልውን ኣይበለናን፣ ከምቲ ዝበደልናዮ ኣይተቐየመናን። ብኃጢኣትና ፈጺምና ክንጠፍእ ከኣ ኣይኃደገናን፣ እኳ ደኣ ኣፍቀረናን መሓረናን ራኅርኃልናን፣ ካብ ኢድ እቲ ዚገዝኣናውን ኣናገፈና፣ ነቦኡ መልኣኽ ምኽሩን የማናይ ኢዱን ኃይሉን ጥበቡን ተበጃውን መድኃንን ዝኾነ ወዱ ለኣኸልና¡ (ቅዳሴ ዮሓንስ ኣፈወርቅ) ብምባል ነቲ ዘይሕለል ምሕረት ኣምላኽን ናይ ደቅሰብ ብዝኂ ኃጢኣትን የነጻጽሮ፣ ቅዳሴ እምቅድመ ዓለም ከኣ ንልመናና ኣይንዓቕን፡ ኣይተቖጥዓናን፡ ምሕረቱውን ካባና ኣየርሓቐን፡ እሞ እግዚኣብሔር ኣምላኽና መሓሪ እዩ፣ ¾እስመ ኢመነነ ወኢተቆጥዓ ስእለተነ። ወኢያርሐቀ ሣህሎ እምኔነ እስመ መሓሪ ውእቱ እግዚኣብሔር ኣምላክነ እናበለ ምሕረት እግዚኣብሔር ጭቡጥ መግለጺ ፍቕሩን ትዕግሥቱን ለውኃቱን ከምዝኾነ ይገልጸልና፣

ኣብ መጨረስታ፡ ኢሳይያስ ነቢይ ተጠንቂቕኩም ስምዑኒ። ነቲ ዝጸበቐ ከኣ ብልዑ። ብጥዑም ብልዒ ድማ ባህ ኪብለኩም እዩ¡ (ኢሳ 55፡1-2) ይብለና፣ ንኣና እዚ ዝጸበቐ ጥዑም ብልዒ እዚ እቲ ገጽ ምሕረት ኣምላኽ ዝኾነ፥ ኣብ ማኅጸን ድንግል ማርያም ሥጋ ለቢሱ፡ ኣብ ቤተልሔም፡ ኣብ መብልዕ ማል ዝተወልደ፥ ኋሶት ዝሰገዱሉ መላእኽቲ ሰማይ ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሰምረቱ ለሰብእ¡ እናበሉ ዝዘመሩሉ ኢየሱስ ሕጻን እዩ፣ ልደት ኢየሱስ ሕጻን እምበኣር፥ ካብ ሰማይ ምሕረት ኣብ ልዕሊ ነፍስ ወከፍና ኣውሪዱ ከምቲ ወትሩ መሓሪ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣቦ ንሕናውን መሓርቲ ይግበረና፣ ስለዚ ንኢየሱስ ሕጻን፡ መሓርቲ ኣዕይንቲ፡ መሓርቲ ኣእዛን፡ መሓሪት መልሓስ፡ መሓርቲ ኣእዳው፡ መሓርቲ እእጋር፡ መሓሪ ልቢ፡ ሀበኒ እናበልና ንለምኖ፣ ምሉእ ዓመተ ምሕረት ከኣ ምስ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ይኹነልና፣ እቲ ምሕረት ዝገብር ብሓጐስ ይነብር¡ (ሮማ12፡8) ከምዝብል ዝተባረኸን ዝተቐደሰን ሕጉስን በዓላት ልደተ-ጥምቀት ይግበረልና፣ ኣብዚ ዓመትዚ ንጉሥ ሰላም መድኃኔ ዓለም፡ ምሕረትን ሓቅን ከምዝራኸባ ፍትሕን ሰላምን ከኣ ከምዝሰዓዓማ (መዝ 85) ይግበረልና፣

ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን
+ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳስ ዘበኣሥመራ

**እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ኣምላኽ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ንጉሥ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ኩሉ ዝኃዝካ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መላኺ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መድኃኒ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ፈራዲ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መሕየዊ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ መጋቢ ኢኻ፥ እወ ኦ ጐይታ! ናይ ኩሉ ሰሳዪ ኢኻ¡፥**



ስድራቤት፣ ዉሑዳት ስድራቤታት ክአ አብነታውያን ከምዘሎዉ ኅሲናዮም ክንሐልፍ አይግባእን። ብዙሐት ስድራቤታት ናይ ቁጠባ ጸገም የጋጥመን ከምዘሎ ዘይክሐድ ሓቂ እዩ።
ሓደ ጊዜ ናብ ዓሰብ ክበጽሕ ምስከድኩ ዘጋጠመኒ ክነግረኩም። ሓደ መንእሰይ ኣብ አገልግሎት ዘሎ እዩ። አነ ሕጂ ናብ ስድራይ ክኸይድ አይደልን ምኽንያቱ እንታይ ሒዞሎም ክኸይድ? ዘይምኻድ ይመርጽ ኢሉኒ፣ ወይ ናብ ሓደስቲ ሃይማኖታት ምኻድ ከአ የጋጥም። እታ ስድራ-ቤት ብዝተፈላለየ ሽግራት ትፈላለ።
ነዚ ንምሕዋይከ እንታይ ንግበር?
ጸዋዕታ ስድራ-ቤት፣ ብመጀመርያ እግዚአብሔር ንስድራ-ቤት ከም ሰበ ኪዳን ጌይሩ እዩ ፈጢሩዎም። ጸዋዕታ ስድራ-ቤት መደብ ናይ እግዚአብሔር ክኸውን ይግባእ።
ስእሊ ናይ ቅድስቲ ስድራ ምምልካት የድሊ። እግዚአብሔር አብ ማእከላ ዝገበረት ስድራ። ምስላ ጉልቻ ክንምልከት ንኽእል። አቦ አደ ሳልሳዮም ክአ እግዚአብሔር ክኸውን ይግባእ።
ቅዱሳት ስድራ ቤታት ዘሎዎ ቁምስና። ቆልዑ ብትምህርተ ክርስቶስ ይዓብዩ፣ ማሕበራት ይዕምብባ ብሐቂ መሰኻኽር ናይ ወንጌል ይኾና።
አብ ናይ ሕጸ ዝምልከት ወለዲ ኩሉ ትውድእዎ ብድሕሪኡ ናብ ካህን ትመጹ እንታይ ይመስለኩም? ብዙሕ ቃል ኪዳን ዝፈርስ ሰኣን ጽቡቕ ምድላው እዩ።
ሰለስተ ደረጃታት ምድላው አሎ።

1. ናይ ርሑቕ 2. ናይ ቀረባ 3. ድሕረ ቃል-ኪዳን

ጽቡቕ ምድላው ክግበር ቤተ-ክርስትያን ሐደራ ትብል።
ቃል ኪዳን ምስ አሰሩ ምክትታል ከምዘድሊ። ኣብተን ውሑዳት ዓመታት ድሕሪ ቃል-ኪዳን ናይ ሐኅጽኅጽ ጊዜ ስለዝኾነ ጽቡቕ ምክትታል ክግበር የድሊ። እዚ ናይ ወጻኢ ገንዘብ ምኽንያት መባአሲ ይኸውን አሎ።
ሓደ ታሪኽ አሎ። ሓደ ጊዜ እታ ሰበይቲ ጸብሒ ክትሰርሕ እንኮላ ጨው አብዚሐትሉ ሽዕኡ ነታ ሰበይቲ ጨው አብዚሕክሉ ይብላ ሰብኣያ አየብዝሕኩሉን፣ አብዚሕክሉ ይባአሱ። ብድሕሪኡ ይዕረቑ። መሊሾም እታ ጸብሕስ ጨውስ በዚሐታ ኤራ እያ ይብል እቲ ሰብአይ፣ መሊሻ እታ ሰበይቲ አየብዛሕኩላን አብዚሕክላ አየብዛሕኩላን እንደገና ይብአሱ።
ሓንቲ ሐቢራ ትጽሊ ስድራ-ቤት ጸገም ዝብሃል አየጋጥማን እዩ።
አብ ስድራቤት እውን ጽንሲ ክትቁጡብ ኢልካ መከላኸሊ አፋውስ ምውሳድ ብቤተ-ክርስትያን ክልኩል እዩ። ብባህርያዊ መከላኸሊ ምጥቃም ግን ብቤተ-ክርስትያን ፍቑድ እዩ።
እቶም ዝተፋትሑ ምስጢራት ክቕበሉ አይክአልን እዩ።

<u>**ርክብ ምስ ሰብ ውፉይ ሕይወት**</u>

እቲ ዕለታዊ አገልግሎት ስራሕ ብደናግልን ካህናትን እዩ ዝካየድ። ጳጳስ ስርሖም ክሰልጥ ዝኽእል ነዛ ሓዳስ ሰበኻ ሰገነይቲ ካህናትን ደናግልን ኩልኹም ምስ ጳጳስኩም ብመንፈስ ብስራሕ ብጸሎት ብተልእኮ ክትተሓበበሩ፣ ከለኹም ኢዩ።
ሰበኻታት ዝተመስረታ ቤተ-ክርስትያን ክትፈላልየና ዘይኮነስ ብዝበለጸ ነፍሳት ጉስነት ክረኽባን ከምኡ እውን ስብከተ ወንጌል ክሰፍሕን ብዝብል ዕላማ ኢዩ። ካህናትን ደናግልን መሳርሕቲ አቡን እዮም። አቡን ንበይኖም ክሰርሑ አይክእሉን እዮም። አቡንን ካህናትን ደናግልን ኢድን ኋንትን ኮይኖም ክሰርሑ የድሊ። ስለዚ ብሕብረት አብ ስብከተ ወንጌልን ግብረ አምልኾን ሐቢርኩም ክትሰርሑ ሐደራ እብል። ብወገን ማሕበራት ክአ ምቕያር ናይ አባላት ቀቀልጢፉ ይኸውን። አብ ከምዚ ኩነታት ግን ነቲ ስብከተ ወንጌል ከምቲ ዘድሊ አይተዕምቕን ኢኻ። ስለዚ ጊዜ የድሊ። ናይ ብሐቂ ትርጉም ዘሎዎ ስራሕ ንሕይወት ሰብ ዝትንክፍ አገልግሎት ክትገብር እንተኾይንካ፣ ግምገማን ጸብጻብን ናይ አገልግሎትና ከነውጽእ ክንክእል አሎና።

## ንግደት ሰብ ውፉይ ሕይወት፡ ናብ ደብረ ቅዱስ ያዕቆብ ሖቦ

ብምኽንያት እቲ ቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮ፡ ዝኣወጅዎ ዓመት ውፉይ ሕይወትን ዓመት ኢዮቤል ምሕረትን ኣብ ሰበኻ ኣሥመራ ዝርከቡ ሰብ ውፉይ ሕይወት፡ ካህናት፡ ደናግል፡ ኣኃው፡ ተመሃርቲ ብዝሓለፈ 30 ጥሪ 2016 ዓ.ም ብመስዋዕተ ቅዳሴን ብጾምን ብጸሎትን ኣስተምህሮን ዝተሰነየ መደባት ብዓቢይ መንፈሳውነት ንግደት ንሥርየት ኃጢኣት፡ ናብታ ቅርያት ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዓቂባ ዘላ ደብረ ማርያም ጽዮን ሖቦ ነጊዶም።
ነጋድያን ወጋሕታ ሰዓት 5፡00 ከካብ ማሕበራቶምን ገዳማቶምን መጺኦም፡ ኣብ ቤተክርስቲያን ደብረ መድኃኔ ዓለም ገጀረት ተኣኻኺቦም፡ ጉዕዞኦም ናብ ሖቦ ጀመሩ። ድሕሪ ናይ ኣስታት ክልተ ሰዓት ጉዕዞ ከኣ ኣብ ምቕልቃል ሖቦ ምስ በጽሑ፡ ብመንፈስ ጸሎትን ተጋድሎን ብጉዕዞ እግሪ ናብ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ያዕቆብ እንኪበጽሑ፡ ኣባ ሃይለ ተስፋማርያም ሓለቃ ገዳም ማሕበር ልኡካን ሖቦን ካልኦት ካህናትን ምእመናን ኣብ መንገዲ ብኽብሪ ተቀቢሎም፡ ነቶም ምስ ሕዝቦም ኣብ ኣውቶቡስ ዝመጹ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም መስቀል ኣሳሊሞም፡ናብ ቤተክርስቲያም ኣሰነይዎም። ኣብ ቤተክርስቲያን ኪዳን በጺሖ፡ ኣባ ሃይለ ቃል እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ምስ ኣስምዑ፡ መደብ ኑዛዜን ኣስተንትኖን፡ ሲዒቡ ከኣ መስዋዕተ ቅዳሴ ብኑባሬ ዓሪጉ።
ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል፡ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት ኢየሱስ ንደቂመዛሙርቱ ጸዊዑ፡ ንርኩሳት መናፍስቲ ኬውጽኡ፡ ንብዘሎ ሕማምን ድናሰን ኬሕውዩ ስልጣን ከምዝሃቦም ዝገልጽ ክፋል ቅ.ወንጌል ጠቒሶም፥ ምስኡ ዝተሓሓዝ ንባባት ካብ መልእኽታትን ግብረ ሓዋርያትንœውን ኣመልኪቶም፡፡ እዚ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ጸዊዑ ዝሃቦም ስልጣን ንኣገልግሎትን ጸዋዕታን ሕርየትን ናይ ሰብውፉይ ዝምልከትኢዩ። ኣገልግሎትና ከኣ ብፍላይ ኣብዚ ዓመተ ምሕረት፡ ነዚ ናይ ኢየሱስ ኣገልግሎት ግብረ ምሕረት ብምቕጻል፡ መንግስተሰማይ ቀሪባ ኢያ እናበልካ ወንጌል ድሕነት ምስባኽ፣ ሕሙማት፣ ስኡናት ምሕጋዝ›ዩ ኢሎም። ቀጺሎም ነቲ ወንጌል እንተዘይሰበኩ ወይለይ›œዝብል ቃል ቅ.ጳውሎስን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውቲ ኢያœœ ዝብል ቃል ቅ. ያዕቆብ ሓዋርያን ገሊጾም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣቦና ቅ. ያዕቆብ ብፍቕሪ ክርስቶስ ተደሪኾም፡ ንኩሉ ገዲፎም፡ ብእግሮም እናኸዱ፡ንኣና ንምፍራይ ዘሕለፍዎ ገድልን ዝገደፉልና ዘይበርስ ኣርኣያን ንከተል ብቃልን ብግብርን ንክርስቶስ ንስበኽ፡ ብምባል መልእኽቲ ወንጌል ኣመሓላሊፎም።
ድሕሪ ቅዳሴ ነጋድያን ብምእመናንን ገዳምን ሖቦ ዝተዳለወሎም ለጋስ እንግዶት ተኻፊሎም፡ ናብ ቤተክርስትያን ተመሊሶም፡ ጸሎት መቊጸርያ መለኮታዊ ምሕረት ኣብጺሖም፡ ናብ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ሎሚ ንውፉያት እንታይ ይብሉና?¡ ዝብል ኣስተምህሮ ኣባ ግርማጽዮን ነጋሲ ዘማሕበረ ልኡካን ሓለፉ። ኣባ ግርማጽዮን ቅዱስ ኣቦና ናብዚ ቦታ ክመጹ ዘሕለፍዎ ገድልን ሽዑ ዝነበረ ኩነታትን ብሓጺሩ ኣብሪሆም፡ ሎሚ ብቃሎምን

### ሓዋርያዊ ምብጻሕ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ ሰበኻ ሰገነይቲ

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ፡ ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይቲ ብዝገበሩሎም ዕድመ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት 2ን 3ን ጥሪ 2016 ዓ.ም ኣብ ሰበኻ ሰገነይቲ ሓዋርያዊ ምብጻሕ ኣካይዶም።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ከተማ ሰገነይቲ ኣብ ዝኣተውሉ፡ ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ምስ ቆሞስ ርእሰኣድባራት ኣባ በርሀ ሩፋኤልን ምእመናን ርእሰ ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤልን ከባቢ ዓድታትን፡ ካብ መንበረ ሊቃነ ካህናት ዝመጹ፡ ወከልቲ ቤተክህነትን ምእመናንን ድሙቕ ኣቐባብላ ገይሮምሎም። ኣቦታት እናደበሉ፡ ኣደታት እናዓለላ ብባህላዊ ደርፌ እናተሓጎሳ፡ መዘምራን እናዘመሩ፡ ብዓጀብ ንቤተክርስቲያን እንከብጽሕዎም ምልክት ሰላምን ሕውነትን ዝኾና ክልተ ጸዓዱ ረጋቢትውን ኣበርኪቶምሎም። ብመዛሙር ተሰንዮም ብመልክዕ ዑደት ቤተክርስቲያን ምስ ኣተዉ ከኣ ጸሎት ኪዳን ዘሰርክ ብሓባር ኣብጽሑ።

ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስን ኣባ ተኽለብርሃን ጸጋይን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ምስ ኣስምዑ ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳስውን ንሕዝቢ ሰላምታ ምስ ኣቕረቡ እቲ ናይ ተቐባል መደብ ተፈጺሙ።

ሰንበት ብብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስን ሓያሎ ለባስያን ካህናትን ተሰንዮም፡ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ዘዕረግሉ ከኣ ኣብ ስብከቶም ኣብቲ ናይ ሮማ ሲኖዶስ ጳጳሳት ብዛዕባ ስድራቤት ዝተዋህበ ለበዋታት ተመርኲሶም ንኣገዳስነት ስድራቤትን ክግበረላ ዝግባእ ሓልዮት፡ ጉስነትን ኩስኮሳን ኣመልኪቶም መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም። ድሕሪ ቁርሲ ኣብ ኣዳራሽ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ከኣ ብዛዕባ እቲ ሲኖዶስ ንኣገባቡ፡ ትሕዝቶኡን ውጽኢቱን ዝምልከት ንተሳተፍቲ እቲ መደብ ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ቀጺሎም ከኣ ንኣብ ሰበኻ ሰገነይቲ ዝሰርሑ ዘለዉ፡ ኣባላት ሰብ ውፉይ ሕይወት ብዛዕባ ኣበርክቶን ግደ ሰብውፉይ ሕይወትን ተሓባቢርካ ምስራሕን ኣስተምህሮ ሂቦም።

<u>***ቃል ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግስተአብ፥***</u> ድሐንዶ ኣሎኹም እንቋዕ ገጽ ንገጽ ኣረኣኣየና። ኩሉ ስራሕኩም ሪዓጋኹም ገዲፍኩም ከምዚ ኢልኩም ዝተቐበልኩምኒ ክብረት ይሃበለይ። ከምቲ ዝሰማዕኩሞ አብ ቤተ ክርስትያንና አብ ምምሕዳራዊ ለውጢ ተገይሩ። ቤተ-ክርስትያንና ርእሰ ምሕድርቲ ክትከውን በቒዓ። ክሳብ ዝሐለፈ ዓመት ምስ ናይ አዲስ አበባ እያ ትምሐደር ኔራ። ሕጂ ግን ብቐጥታ ምስ ቅድስቲ መንበር ክንራኸብ በቒዕና፣ ሽመት እንተኾይኑ ናትኩም እዩ ሐጎስ እንተኾይኑ ግን ናይ ኩልና እዩ፣ ሸኽምኩም ሸኽም ስገም ይግበረልኩም ኢልኩም ጸሎት ግበሩለይ፣ እንታይ እዩ ስርሐም ትብሉ ትኾኑ ኣተሓባባራይ አዋሃሃዲ እየ ናይዘን 4 ሰበኻታት፣ ቤተ-ክርስትያን እንታይ አድለያ 4 ሰበኻታት ክህሉ? ንዝብል ሕቶ ካልእ አይኮነን ንምሕደራ ንጉስነት ብውሕድ ዝበለ ዝያዳ ምእንቲ ክሰልጥን፣ እዚ ግን ብዝያዳ ፍረ ከነፍሪ አሎና። ንጃህራ ንዘረባ ዘይኮነስ አብነት ክንከውን ከነፍሪ ቤተ-ክርስትያን ክብሪ ሂባትና፣ በቲ ሓደ ከአ ሐላፍነት ምኻኑ ክንዝንግዕ የብልናን፣ ሕጂ ብግብሪ አብ ስራሕና ከነርእዮ አሎና። ቃል አምላኽ ክንሰብኽ ከመይ እምነት ካብ ምስማዕ እዩ ቀዳማይ ስራሕና ቃል አምላኽ ከነስምዕ እዩ፣ አነ አጆኹም ብሐንሳብ ንጓዓዝ ንስራሕ ካልእ ዝብሎ የብለይን፣ ቃል ኪዳን ክጸንዕ ስድራ-ቤት ክድልድል ቆልዑ ክኹስኮሱ። እቲ ንሰብኮ ክአ ብቓልን ብግብርን ክሸውን አሎዎ፣ ከም ሓዳስ ሰበኻ ብዙሕ ሽግር ከጋጥመና ንቡር እዩ፣ ብሕብረት እንተተጓዕዝና ግን ዘሸግር የልቦን፣ ደጊመ ኩሉኹም አመስነኩም ክብረት ይሃበለይ አብ ጸጽቡቑ የራኽበና፣ ዓመት ዕርቅን ሰላምን ይግበረልና፣ መደብ ናይ ድሮ ብድራር አብ ንኡስ ዘርአ-ክህነት ሰገነይቲ ተደምዲሙ።

<u>**ሰንበት ስብከት ብፁዕ ሊቀጳጳስ**</u>

ወንጌል ዮሐንስ ምዕ፣10-1 አንቢቦም፣ ፍቁራን ሕዝበ እግዚአብሔር ትማሊ ሰዓት 4.00 ድቀ ብዓጀብ ምስ ብዙሕ ሕዝቢ ዝተቐበልኩምኒ ደጊመ አመስግነኩ፣ ነቶም ትማሊ ዘይረኣእኹም ክአ እንቋዕ ገጽ ንገጽ አረኣአየና።

ሰንበት ከኣ ሰንበት ዘኖላዊ እዚ ማለት ክአ ሰንበት ናይ ሕያዋይ ጓሳ ተባሂላ ትጽዋዕ፣ እቲ ሐቀይና ጓሳ ክአ ንሱ ጥራሕ እዩ እቲ እኖተይና ጓሳ፣ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቅዱስ ጴጥሮስ፣ ጴጥሮስ ወዲ ዮና ተፍቅረኒ ዲኻ አባጊዔይ ሓሉ ይብሎ። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳትœውን ጥዕይቲ መን ሕምምቲ እንዳበሉ ንመጓስኦም ክጓስዩወንን ክግደሱለንን ከምዘሎዎም ነቶም 46 ሊቃነ ጳጳሳት ነታ ፓሊዩም¡ ክህቡና ኸሎዉ ተላብዮምና ነቲ ምልክት ናይቲ ማዕተብ ክገልጹ ከሎዉ ድማ፣ ነቲ ማዕተብ አብ ክሳድካ ምእታዉ ነታ ተጸጊማ ዘላ በጊዕ ናይ ምሕንጋር ምልክት እዩ። ናይቲ መስቀል ኣብቲ ማዕተብ ዘሎ ምልክት ክአ ክበድን ሐላፍነትን እዩ ዘመልክት ይብሉ። ሕያዋይ ጓሳ ኢየሱስ ጥራሕ ኢዩ። ንሕና ክአ ናቱ ተኸተልቲ ኢና፣ ንኹላትና ምእንቲ ክጥዕመና አብ ጸሎትኩም ክትዝኩርኒ የድልየኒ።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ንነፍስ ወከፍና አብቲ ጉባኤ ዝተሳተፍና። ቅኑዕ ሃይማኖት ክንሕሉ፣ ጊጉይ ትምህርቲ ከይመጽእ ክንከላኸል፣ ትምህርተ ክርስቶስ ከነምህር ሕብረት ናይ መጓሰ ክንሕሉ፣ ከይበታተና፣ ተኹላ ከይአትወን ክንሕሉወን፣ ምሕላወን ጥራሕ ዘይኮነ ምክንኻነን እውን ከምዘድሊ፣ አባጊዔይ ድምጸይ ይሰምዓ፣ ምእንቲ አባጊዔይ ክአ ሕይወተይ በጃ እህብ። ብሐቂ ንመጓሰና ክንሐሊ ከምዘሎና ባዕሉ እቲ ዓቢይ ጓሳና የዘኻኽረና። ንስኹም ክአ ብወገንኩም ክትጽልዩልና ጥበብን ክእለትን ይሃቦም ኢልኩም ክትጽልዩልና የድሊ። ሕብረት ናይ መጓሰ ብምንታይ ይመጽእ/ ሓንቲ እምነት ሓንቲ ጥምቀት ሐደ ጎይታ ሎሚ ብዙሓት ቤተ-ክርስትያን ምኻድ እንታይ አድለየ? ምስጢራት ምቕባል እንታይ አድለየ? ዝብል ምስ ትምህርተ ክርስቶስ ዘይሳነ ሕቶታት ይመጽእ አሎ።

ዓመት ምሕረት እቲ ስእሊ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንአዳም ሓንጊሩ ካብቲ ጸልመት የውጽኦ ከምዘሎ እዩ ዘመልክት። ስለዚ ንዓና ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ካብ ሞት ናብ ሕይወት ከምዘውጽኣና ዝሕብር ምልክት እዩ። ከምቲ ቅድስቲ ፋውስቲና ዝበለቶ። መሐርቲ ኣዒይንቲ ሃበኒ። ምእንቲ ነቲ ሰናይ ነገር ክርኢ። መሓርቲ አእዛን ሃበኒ ምእንቲ ነቶም ዝተሸገሩ ክሰምዕ። መሓሪት መልሐስ ሃበኒ። መሐርቲ አእዳው ሃበኒ። መሐርቲ አእጋር ሃበኒ ንሰላም ንሰናይ ክጎያ ንዝተባእሱ ክዓርቃ። መሐሪ ልቢ ሃበኒ። ሩሕሩሕ ልቢ ሃበኒ¡። እዚ ዓመት ምሕረት መሓርቲ ከም ሕያዋይ ጓሳ ሐላይ ጓሳ ክንከውን። ዓመት ምሕረት ዓመት ዕርቂ ይግበረልና ሰላሙ ይሃበና። ንሕና ክአ ናይ ብርሃን መሳርሕቲ ክንከውን ይሐግዘና።

<u>**ኣስተምህሮ አብ አዳራሽ ብዛዕባ ሲኖዶስ ጳጳሳት**</u>

እቲ አርእስቲ ብዛዕባ ስድራ ጉባኤ ሲኖዶስ አብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ተጋቢኡ ዝተዛረበሉ ጉዳያት ኢዩ ነይሩ።

አብቲ ጉባኤ ብዙሐት ወከልቲ ስድራቤታት ተሳቲፎም፣ ሓንቲ ስድራ ካብዞም ተሳተፍቲ 12 ቆልዑ ዝነበርዋ አቦን አደን እቲ ዝነአሰ ወዶምን ነይሮም። እቲ ቆልዓ ናይቲ ጉባኤ እቲ ዝነአሰ አባል ሲኖዶስ ተሳታፋይ ተባሂሉ፣

›ሲንœ ማለት ብሐንሳብ። ›ኦዶስœ ክአ ምጉዓስ ማለት እዩ። ስለዚ ›ሲኖዶስœ ብሐንሳብ ምጉዓዝ ማለት እዩ። እዞም 318 ጳጳሳት፣ ብዛዕባ ስድራቤት እዮም ዘቲዮም። ካቶሊካዊት ስድራ-ቤት ጸዋዕታኣን ተልእኾኣን ኣብዚ እዋን እዚ ከመይ አሎ? ዝብል እቲ ሲኖዶስ 3 ክፋል ምዕራፍ ነይሩዎ።

ስድራ-ቤት ሎሚ ከመይ አላ? ብደረጃ ቁምስና ዓዲ ሃገር ዓለም ስድራ ቤት ከመይ አላ? ሎሚ ስድራ-ቤት አብ ጸገም ትርከብ፣ አብ ብዙሓት ሃገራት ስድራ-ቤታት ተበታቲነን ይርከባ፣ ክብሪ ቃል ኪዳን ፈኹሱ፣ ፍትሕ በዚሑ፣ ናይ ሎሚ መንእሰይ ክአ ሓላፍነት ክስከም የፍርሖ፣ ንምሉእ ሕይወትካ ዝብል ቃል ክአ የፍርሖ፣ ባእሲ፣ ዕዳ፣ ካልእን ብዙሕ እዩ እቲ ፈተናታት ናይ



# ምሕረት ክትቕበሉ ምሕረት ሃቡ!!

ኣብœቲ መጀመርያ ብፍቕሪ ተሳሒቡ
ንኣዳም ኬድጎን ኣምላኽ መጺቡ
ድኅሪ ፍቕሪ፣ ምሕረት ኣስዒቡ
ንኣዳም ክደሊ ካብ ሰማይ ሸቢቡ

ምስ ኣብርሃም ኣቦና ጀመሮ ርክቡ
ሓራ ኬውጽኦ ነቲ ኅሩይ ሕዝቡ
ምስ ሙሴ ባርያኡ ቀጸሎ ልዝቡ
ካብ ግብጺ ኣውጽኦ፣ ብጸጋ ኣኸቢቡ

መንግሥቱ ኪተክል፣ ንዳዊት ረኺቡ
ቅብኡ ኣፍሰሰሉ ዘይቲ ኣንጢቡ
ኪዳኑ ኪፍጽም እስራኤል ኪቐረቡ
ነብያቱ ሰዲዱ፣ ባዕሉ ተዛሪቡ

ኣብ ምልኣት ጊዜ፣ ኣብ ድንግል ዓሊቡ
ንሰማይን ምድርን ጐይታ ኣላጊቡ
ንዓና ነባጊዑ፣ ብምሕረት ኮብኪቡ
ከማና ሰብ ኮነ፣ ኣምላኽነቱ ዓቂቡ

ኣብ ቀራንዮ፣ ኣብ መስቀል ደይቡ
ክቡር ደሙን ረሃጹን፣ ኣንጠብጢቡ
በጃ ብምኻን ንዓለም ከሲቡ
ድኅነትና ኣብ ቀራንዮ፣ ፍጻሜ ረኺቡ

ኣንቱም ጥሪቱ፣ ናቱ ገንዘቡ
እ/ብሔር ኣምላኽኩም ምሕረትœዩ ህያቡ
ምሕረት ብምኻንœዩ፣ ምሕረት ሂቡ
ሃየ ተንሥኡ እምበኣር፣ ኣሰሩ ሰዓቡ

ምሕረት ሃቡ ምሕረት ክትረኽቡ
ሾብዓተ ሳዕ ሰብዓœዩ፣ ኣይትረብርቡ
ታሪኽ ›ጥፉእ ወዲœ ተዓዘቡ
ብምሕረት ኣቦኡ ከመይ ተጎልቢቡ

እቲ ፈቓር ኣቦኹም ከምኡœዩ ልቡ
ዘይኣብየኩምœኳ፣ ኃጢኣትኩም ጸብጺቡ
ናይ ማርያም ኣዴና ኣብ ወንጌል ኣንብቡ
ነፍሳን መንፈሳን፣ ብምሕረቱ ዓጊቡ

ምሕረት እግዚኣብሔር ልብኹምœዩ ዶቡ
ልብኹም ልቡ እንተœጽቢቡ ኣይከፍቶንœዩ ብኃይሊ ቐሲቡ
ናብœቶም ዚፈርህዎœዩ ዜብል፣ ናብœቶም ዘይዓገቡ

እቲ ክንዲ ዚመሓረ ሞት ዚኾነ ዓስቡ
ምሕረት ጥራሕœዩ ናይ ፍቕሪ ጸብጻቡ
ሓንቲœዩ ዚሓተኩምœኳ፣ ሓንቲœያ ጠለቡ
ኣብ ክንዲ ኃጢኣት ጽድቂ ክትቅለቡ

ይቃጸœሎ ሰይጣን፣ ኣብ ማዕጾ ኣዝጊቡ
ብስም ሥላሴ ገጽኩም ዕተቡ
ተጠንቀቑ ደኣ መንፈስኩም ኣርንቡ
ከየውድቐኩም ብሥጋ ስሒቡ

ንስሓœዩ ንኣምላኽ፣ ዜለውጦ ሓሳቡ
ይሁዳ ሰኣን ምንሳሕ ኣበይ ተሸሪቡ
ጴጥሮስ ግን ሳላ ጣዕሳ፣ ጸጋ ኣኪቡ
መፋትሕ መንግሥተ-ሰማይ ተረኪቡ

ኣበሳኹም ርኢኹም፣ ዓቕልኹም ኣይተጽብቡ
ምሕረት ኣምላኽœዩ ልዕሊ ድርቡ
ጥራይ ኣብ ኩራኹም ፀሓይ ኣይተዕርቡ ኣይውዳእንœዩ ናይ ምሕረት መዝገቡ


ኣንቱም ናይ ኃጢኣት ፈረስ እተጋልቡ
ተመለሱ ሎሚ ኣይትኸነቡ
ንኣሽቱ ኃጢኣትœኮ ተኣኪቡ
እምባ ኢዩ ዚኸውን፣ ተረብሪቡ

ካብ ጒይይ ምውዓል ክሳድ ምኃዝœዩ፣ ኣይትትዓቡ
ኑዛዜ ኣሎኩም ተሓጸቡ
ከምœተን ደናግል፣ ቀንዴልኩም ቀርቡ
ጽረዩ ንጽሑ፣ ብፍቕሪ ዓንብቡ

ናይ ምሕረት ጸጋኡ ንኽትጸግቡ
ሥጋሁ ወደሙ ተመገቡ
ኣብ ቅዱሳን መላእኽቲ ተማዕቀቡ
ንሳቶምœዮም ናይ ምሕረት መትረቡ

እቲ ደቂ ዘዕበየ ብምሕረት ሓብሒቡ ኪመጽእ ከሎ ብመላእኽቱ ተዓጂቡ
ኬእትወኩም ኣብ ናይ ሰማይ ከብካ
ባዕሉ ይግለጸልኩም ናይ ምሕረት ጥበቡ

ኃው ብእምነት ካሕሳይ
ማ.ን.ኣ. ካፑቺን
15-12-2015



# ዓመት ውፉይ ሕይወት (ጸብጻብ)

**1. መደብ ዕለት ሰንሰለታዊ ጸሎት ሰብ ውፉይ ሕይወት (መኽፈት)**
ቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮ ዓመት 2015 ዓመት ውፉይ ሕይወት ኣብ ሮማ ብዝሓለፈ 30 ኅዳር ብጳጳሳዊ መስዋዕተ ቅዳሴ ከምዝኸፈትዎ ዝዝከር ኢዩ፣፣ በቲ ብቤተክርስቲያን ዝወጸ መርሓ ግብር መሠረት ከኣ 8 ታሕሣሥ 2014 ዓ.ም ኣብ መላእዓለም ዝርከቡ ሰብ ውፉይ ሕይወት ብፍላይ ኣብተን ብቅ.መንበር ዝተሓርያ ሽዱሽተ ገዳማት ሰንሰለታዊ መደብ ጸሎት ኣብ ዝተኻየደሉ፣ ሓንቲ ካብኣተን ኣብ ዝኾነት ገዳም ደብረ ፍልሰታ ለማርያም ሲታውያን ኣሥመራ፣ ብዝተፈላለየ መደባት ጸሎትን ኣስተምህሮን ምስ ዓለምለኻዊ መደብ ተሰንዩ ተኻይዱ።
እዚ መደብ ሰንሰለታዊ ጸሎት ንግሆ ኣብ ከተማ ኣሥመራ ዝርከቡ ሰብ ውፉይ ሕይወት ከካብ ቦታኦም ምስ ተኣኻኸቡ፣ ዕላማ እቲ መደብ ብኣሰናደውቲ ምስ ተገልጸ፣ ተሳተፍቲ ብሓባር ጸሎት ዘነግሀ ኣብጽሑ፣፣ ሲዒቡ ከኣ ውፉይ ሕይወት፣ ሕይወት ትንቢታዊ ምስክርት እዩ¡ ዝብል ኣስተምህሮ፣ ብክቡር ኣባ ግርማይ ኣብርሃ ዘማኅበረ ሲታውያን ተዋሂቡ።
ድሕሪ ኣስተምህሮ ብትሽዓተ ካህናት ዝምራሕ መስዋዕተ ቅዳሴ ብጉባሬ ዓሪጉ፣፣ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝቐጸለ መደብ ከኣ ጸሎት ስግደት ኣብ ቅዱስ ቁርባን፣ መቑጸርያ፣ ንባባትን ኣስተንትኖን፣ ከምኡውን ሐጺር ኣስተምህሮ ብኣባ ግርማይ ኣብርሃ ብዛዕባ እታ ገና ብሕጂ ዝፍጸም ዓቢይ ታሪኽ¡ እትብል ር.ሊ.ጳ ቅዱስ ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ ብ1997 ዓ.ም ብምኽንያት ውፉይ ሕይወት ዝጸሓፍዋ ሓዋርያዊት መልእኽቲ ተኻይዱ፣፣

**2. ዕለት ሰብ ውፉይ ሕይወት**
ዕለት 2 ለካቲት መዓልቲ ሰብ ዉፉይ ሕይወት ብምንባሩ ካብ 28-29 ጥሪ ጸሎት ምእንቲ ሰብ ዉፉይ ሕይወት ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ተኻይዱ፣፣ ኣብዚ ብዙሓት ሰብ ውፉይ ሕይወት ዝተረኽብሉ መደብ ጸሎት ሣልስቲ ስድራቤትን ውፉይ ሕይወትን¡ ብኣባ ኮኾበ ተወልደ፣ ውፉይ ሕይወት ንምስክርነት¡ ብእናቴ ትንሣኤ ኃ/ማርያም ክልተ ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ፣፣

**3. ዓውደ - መጽናዕቲ**
ብምኽንያት ዓመተ ውፉይ ሕይወት ብኣተግባሪት ኮሜተ ካልኣይ ሰበኻዊ ሲኖዶስ ልዕለ- ኤጳርቅና ኣሥመራ ዝተመደበ፣ ኣባላት ውፉይ ሕይወት፣ ኣባላት ማሕበራት ዝተሳተፍዎ፣ ብድሆታት ሰብ ውፉይ ሕይወት ግዜና፣ እጃም ሰብ ውፉይ ሕይወት ኣብ ስብከተ ወንጌል¡ ብዝብል ኣርእስቲ ዝሓለፈ ቀዳም 27 ሰነ 2015 ዓ.ም. ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፣ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ።
ነቲ መደብ ዓውደ መጽናዕቲ ዝመርሑን ዝኸፈቱን ክቡር ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ኣቦ መንበር ኣተግባሪት ኮሜተ ካልኣይ ሰበኻዊ ሲኖዶስ ልዕለ- ኤጳርቅና ኣሥመራ፣ ኣብ መኽፈቲ ቃሎም ንዝካየድ ዘሎ መደባት ጠቂሶም፣ እዚ ናይ ሎሚ መደብ ድማ ናቱ ኣካልን መቐጸልታን ኢዩ ኢሎም።
ኣብዚ ዓውደመጽናዕቲ ክልተ ሰፋሕቲ ኣስተምህሮታ ትንቢታዊ መልእኽትን ብድሆታትን ሰብ ውፉይ ሕይወት ግዜና፣œœ ብኣባ ክፍለኢየሱስ ገ/ሥላሴ፣ ዘማኅበረ ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ፣ እጃም ሰብ ውፉይ ሕይወት ኣብ ስብከተ ወንጌል¡ ብእናቴ ለተድንግል ዑቕባሚካኤል ማኅበር ደናግል ኮምቦኒ እዮም ቀሪቦም።

**4. ስድራቤት መሠረት ጸዋዕታ ውፉይ ሕይወት**
ብምኽንያት ዓመተ ውፉይ ሕይወት ብኮሚተ ኣነቓቓሕቲ መምህራን ስነ-መዕበያ ዝተመደበ፣ ኣባላት ውፉይ ሕይወት፣ ኣባላት ማሕበራት ደቂ ተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን ዝተሳተፍዎ፣ ስድራቤት መሠረት ጸዋዕታ ውፉይ ሕይወት¡ ብዝብል ኣርእስቲ ዝሓለፈ ቀዳም 06 ሰነ 2015 ዓ.ም. ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፣ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ። ናይዚ ዕለት ዕዱም ሊቀጳጳስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ብፁዕ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ትምህርቲ ዝሃቡ ኮይኖም፣ ብዛዕባተን ቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮ ብምኽንያት እዚ ዓመት ውፉይ ሕይወት ዝጸሓፍወን ተሓጎሱ¡፤ ንቐሑ¡ ዝብላ መልእኽታትን ስድራቤት መሠረት ጸዋዕታ ውፉይ ሕይወት¡ ዝብል ኣብ ሃለዋት ስድራቤትን ክግበረላ ዝግባእ ሓዋርያዊ ሓልዮት ዘተኰረ ኣብ ክልተ ክፋል ዝተመቕለ ኣስተምህሮታት ሂቦም።

**5. ዕለተ ጸዋዕታ ኣብ ዓመተ ውፉይ ሕይወት**
ራብዓይ ሰንበት ድሕሪ በዓል ትንሣኤ ብቤተክርስትያን ንጸሎት ጸዋዕታ ክህነት ዝተወፈየ ዕለትœዩ። በዚ ምኽንያት 3 ግንቦት 2015 ዓ.ም ከኣ ኣብ ርእሰ ኣድባራት መካነ መንበር ኣሥመራ ብጸሎት ሳልስትን ኣስተምህሮታትን ናይ ዕለቱ ጳጳሳዊ መስዋዕተ ቅዳሴን በቲ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ኣቡነ ፍራንቸስኮስ ንናይ ሎም ዘመን መዓልቲ ጸዋዕታ ክህነት ዝሃብዎ መልእኽቲ ብፀኣት፣ መሰረታዊ ተመክሮ ጸዋዕታ¡ ዝብል ኣርእስቲ ተዘኪሩ ዊዒሉ።
ኣብቲ ናይ ሳልስቲ ጸሎት ውፉይ ሕይወት ንቅድስና¡ ብኣባ ዓንደማርያም በርሀ ኣገዳስነት ጸሎት ኣብ ውፉይ ሕይወት¡ ብኣባ ምሕረትኣብ ሰሎሞን፣ ምውፉይ ካብ ርእስካ ምውጻእ ኢዩ¡ ብኣባ ዘኬዎስ ተኽላይ ኣስተምህሮ ተዋሂቦም።
ኣብ ዕለቱ ከኣ ብዙሓት ሰብ ውፉይ ሕይወትን ምእመናንን ዝተሳተፍዎ ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዓስራይ ርእሶም ዝመርሕዎ መስዋዕቲ ቅዳሴ ዓሪጉ።

**6. ንግደት ውፉያት ናብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት**
31 ጥቅምትን ሰንበት ሐደ ሕዳርን 2015 ዓ.ም. ኣብ ሰበኻ ኣሥመራ ዝርከቡ ኩሎም ሰብ ውፉይ ሕይወት፡ ካህናት፡ደናግል፡ ኣኃው፡ ተመሃርቲ ብጾምን ብጸሎትን ኣስተምህሮን መስዋዕተ ቅዳሴን ብዝተሰነየ መደባት ብብዝሕን ብዓቢይ መንፈሳውነት ንሥርየት ኃጢኣት ናብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ነጊዶም። ነጋድያን ከካብ ማሕበራቶምን ገዳማቶምን መጺኦም፡ ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት ተኣኻኺቦም፡ ኣብ ኣፍ ደገ ቤተክርስቲያን ብመራሒ መደብ ኣባ የማነ ኃይሉ ዕላማ እቲ ንግደት እንኪገልጹ፡ ሲዒቡ፡ ብህየንተ ሊቀጳጳስ ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ዝተመርሐ ጸሎት ነጋድያን፡ ከምኡœውን ተፈሳሕኩ እስመ ይቤሉኒ ቤተ እግዚኣብሔር ንሓውር፡" ዝብል ምስባክ ምስ ተገብረ፡ ነጋድያን መስቀል ኣምሪሖም፡ ብሓብር ›œምእንቲ ስቓይ ዝመልኡ ሕማማቱ፤ ንዓናን ንመላእ ዓለምን መሓረና¡ ዝብል ጸሎት ናብ መለኮታዊ ምሕረት እናደገሙ ንቤተክርስቲያን ሰለስተ ግዜ ዓዊዶም ንቤተክርስቲያን ኣተዉ።
ኣብ ቤተክርስቲያን ብኣስተንትኖን ብፍሉይ ኣርእስተ ጸሎት ኣብ ነፍሲወከፍ ምዕራፍ ማለት፡ ምእንቲ ውፉያት፡ ስድራቤት፡ ኣገልግሎት፡መራሕቲ ቤተክርስቲያን እናተጸለየ፡ ጸሎት መቑጸርያ ብሓባር ምስ ተደግመ ከኣ ግዜ ኣስተምህሮ ኣኺሉ **ጸሎትን ምስክርነትን ሰብ ውፉይ ሕይወት¡** ብዝብል ኣርእስቲ ብኣባ ኃይለ ተስፋማርያም ማኅበር ልኡካን ተዋሂቡ።
ንጽባሒቱ ሰንበት ሐደ ኅዳር ከኣ ነጋድያን ከም መቐጸልታ ናይ ቀዳም ንግደቶም ምስ ምእመናን ብሓባር ናብታ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣንጊሆም ተጋሰሱ። ሰዓት ኣኺሉ ከኣ ብጥዑም መዛሙር ዝተሰነየ መስዋዕተ ቅዳሴ ብሽውዓውተ ለባስያን ካህናት ተጀመረ። ድሕሪ ንባብ ቅ. ወንጌል ከኣ ሰራዒ ካህን ኣባ ብርሃነመስቀል ክፍለማርያም ሓለቃ ማኅበር ልኡካን ኣብ ናይ ዕለቱ ንባባት ተመርኩሶም፡ ንዘመሓላልፎ መልእኽቲ በብሐደ ገሊጾም፡ ሰብ ውፉይ ኣብዚ ሎሚ እዋን ቤተክርስቲያን ኪኮንዎ እትሓቶ ዘላ ዓይነት ኣነባብራን ተልእኮን ምስክርነትን ኣመልኪቶም ንውፉያትን እዋናዊ ስብከት ኣስሚዖም።

**7. ዓውደ-መጽናዕቲ ሕይወት ድንግልናዊ ተዓቕቦ ው ፉ ያ ት ን ብድሆታቱን¡ ንሰብ ንኡስ መብጽዓ**
ብምኽንያት ዓመተ ውፉይ ሕይወት ብምትሕብባር ኣተግባሪት ኮሚቴ ካልኣይ ሰበኻዊ ሲኖዶስን ኮሚተ ኣነቓቓሕቲ መምህራን ስነ-መዕበያን ዝተመደበ፣ ኣባላት ውፉይ ሕይወት፣ ኣባላት ማሕበራት ደቂ ተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን ሰብ ንኡስ መብጽዓ ዝተሳተፍዎ፣ **ሕይወት ድንግልናዊ ተዓቕቦ ውፉያትን ብድሆታቱን¡** ብዝብል ኣርእስቲ ቀዳም 07 ሕዳር 2015 ዓ.ም. ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፣ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ።
እቲ መደብ ብጸሎት ምስ ተከፍተ፡ ኣደ መንበር ኣተግባሪት ኮሚተ እንቓዕ ደሓን መጻኣኩም ቢለን ብዛዕባ ዕላማ እቲ ዓውደመጽናዕቲ፡ ንተሳተፍቲ መብርሂ ምስሃባ ንዕድምቲ መምህር ናይቲ ዕለት ንእናቴ ምሕረት ጺጋይ ኮምቦናዊት ንመድረኽ ዓደማኤን። ቀጺለን ከኣ እናቴ ምሕረት ነቲ ድንግልናዊ ሕይወትን ብድሆታቱን¡ ዝብል ትምህርተን ኣብ ክልተ መቒለን ማለት፣ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ-ግዜ ድንግልናዊ ሕይወት¡ ኣብቲ ካልኣይ ክፍለ-ግዜ ድማ ብድሆታቱœኸ እንታይœዩ¡ ብምባል ብኣብነታት ኣሰንየን ዓሚቅ ትምህርቲ ኣቕሪበን።

(ናብ 5ይ ገጽ ይቕጽል)

**8. ዓውደ-መጽናዕቲ ውፉይ ሕይወት ሰብ ዓቢይ መብጽዓ**
ብምኽንያት ዓመተ ውፉይ ሕይወት ብምትሕብባር ኣተግባሪት ኮሚቴ ካልኣይ ሰበኻዊ ሲኖዶስን ኮሚተ ኣነቓቓሕቲ መምህራን ስነ-መዕበያን ዝተመደበ፣ ኣባላት ውፉይ ሕይወት፣ ኣባላት ማሕበራት



# ዜናን ንጥፈታትን ሰበኻ

## ዓውደ-መጽናዕቲ- ዕለተ ሰላም

ካቶሊካዊ ተቅዋመ ፍልስፍናን ትምህርተ መለኮትን ጥሪ ዕለተ ሰላም ምኽንያት ብምግባር ሎምዘመንœውን ዓርቢ 1 ጥሪ 2016 ዓ.ም ኣብ ኣዳራሽ መካነ መንበር ደብረ ኪዳነምሕረት፡ ነቲ ንዘይምግዳስ ምሸናፍን ንሰላም ምክሳብን¡ ዚብል መልእኽቲ ር.ሊ.ጳ ናይ ዕለተ ሰላምን ንምሕረት ኣምላኽ ዝርኢ ኣስተምህሮታት ዘሳትፍ መደብ ኣካይዱ። እቲ መደብ ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ቁምስናታት ኣሥመራን ዝተሳተፍዎ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ ብኣሕሉቕ ማሕበራትን ቆሞሳትን ተሰንዮም ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ኢዩ ጀሚሩ።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ ስብከቶም ሐደ ጥሪ በዓል እግዚእትነ ማርያም ኣብ ርእሲ ምዃኑ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን መዓልቲ ሰላም ተባሂላውን ትጽዋዕ። ር.ሊ.ጳ. ጳውሎስ 6ይ ኣብቲ ግዜœቲ ውግእን ብዙሕ ግጭትን ምስ ረኣዩ፡ ኩሉ ግዜ በዛ ዕለትœዚኣ ምእንቲ ሰላም ክንጽሊ ኣድላይ ኢዩ ኢሎም ነዛ ዕለት ሰላም መዲቦምልና። ንሕና ውግእ :ሞት፡ ዕንወት እንታይ ምዃኑ ልዕሊ ካልእ ስለንፈልጦ፡ ንሰላም ክንደልያን ክንምህለልን ይግባእ። ኣብ ዓለም ገና ሓቀይና ሰላም ኣይመጸን። ምእንቲœዚ ንኣምላኽ እቲ ዓለም ክህቦ ዘይኽእል ሰላም ሃበና እናበልና ንለምኖ። ብፍላይ ኣብዚ እዋን ኣብ ውግእ ዘለዋ ሶርያ፡ ኢራቕ፡ ማእከላይ ኣፍሪቃ ንጸልየለን ኢሎም።

ቀጺሎም ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ፡ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣብ ናይ ሎም ዘመን ናይ ዕለት ሰላም መልእኽቶም ንሓንቲ ኃጢኣት ማለት ግዲ የብለይን ንኣይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል መንፈስን ከነጥፍእ ይሓቱና ኣለው። መሓርቲ ከም እግዚኣብሔር ኣቦ ክንከውን እንተኾይንና ንሕድሕድና ክንግደስን ሸለልትነት ከነርሕቕን የድሊ ብምባል ቃለ እግዚኣብሔር ኣስሚዮም።
ሲዒቡ ኣብ ኣዳራሽ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ከኣ ኣባ ግርማጽዮን ነጋሢ ኣብታ ኣብ ናይ ሎምዘመን ናይ ዕለተ ሰላም መልእኽቲ ር.ሊ.ጳ. ዘለዋ ምኽንያት ተስፋና ምዕቃብ፡ዓይነታት ግዲ ኣልቦነት፡ ሰላም ብዓውለማ ግዲ ኣልቦነት ኣብ ሓደጋ እንኪትኣቱ፡ ካብ ግዲ ኣልቦነት ናብ ምሕረት፡ ናብ ናይ ልቢ ለውጢ፡ ንግዲ ኣልቦነት ንምስዓር ባህሊ ምትሕግጋዝን ምሕረትን ምሕናጽ፡ ሰላም ፍረ ባህሊ ምትሕግጋዝን ምሕረትን ርኅራሔን፡ ሰላም ከም ምልክት ኢዮቤል ምሕረት፡ንዚብላ ሸሞንተ ንኡሳን ኣርእስታት በብሓደ ብምግላጽ ንትሕዝቶ እታ መልእኽቲ ብሰፊሑ ገሊጾም። ተኸቲሎም ምሕረት ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ¡ ብዝብል ኣርእስቲ ዘስተምሃሩ ኣባ ግርማይ ኣብርሃ ሲታዊ፡ ንምሕረት ኣምላኽ ኣብ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን እንኪገልጹ፡ ምሕረት ኣምላኽ ክልተ መስመር ማለት ትኣማንነት ውሉድን ርሕራሐ ኣምላኽን ዝራኽብሉ ነጥቢœዩ ኢሎም። ቀጺሎም ኣባ ግርማይ ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብፍቕሪ ወላዲትን ልቢ ኣቦን ከምዝምሰል ብሓያሎ ጥቕስታት ኣሰንዮም ድሕሪ ምግላጽ፣ ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ጽጉም ኩነታት ንዝርከብ እትገብሮ ሓገዝ፣ ኃጥኣተይና ምሕረትን ድሕነትን ዝረኽበሉ መንገዲ፣ መለኮታዊ ምሕረት ኣምላኽ ደረት ስለዘይብሉ ኣምላኽ ኃጢኣተና ክምለስ እምበር ክጠፍእ ስለዘይድሊ፡ ምስ ንስሓ ከም ዝተኣሳሰር፣ኣብ ሓዲስ ኪዳን ከኣ መሓሪ ኢየሱስ ኢና እንርኢ። ወንጌል ሉቃስ ኣብ ምሕረት ኣትኩሩ፡ ናይቲ መሓሪ ኣቦ ንወዱ ዝገበረሉ ኣቐባብላ፡ ናይታ ወዳ ዘተንስኣላ መበለት፡ ናይቶም ኢየሱስ ዝመሓሮም ኃጢኣተይናታትን ድኻታትን፡ ፍሉይ ምሕረት ኣምላኽ ዝተገለጸሉ ቅ.ጳውሎስ ኣብነታት ብምጥቃስ፡ ልቢ እግዚኣብሔር ናይ ምሕረት ምንጪ ምዃኑ፣ ንሕና ከኣ ከም ኣቦ መሓርቲ ኩኑ¡ ስለዝተበሃልና መሓርቲ ኮይንና ክንርከብ ኣሎና ዝብል ኣስተምህሮኦም ኣቕረቡ። ንሕቶን መልስን ዕድል ተዋሂቡ፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡ ሕቶታትውን ምላሽ ሂቦም።

## ዓውደ መጽናዕቲ ንምዕባለ ደቂ ኣንስትዮ

ብ03 ጥሪ 2016 ዓ.ም ኣብ ምዕባለ ደቂኣንስትዮ ንዝሰርሓ ደናግል ዝተፈላለያ ማሕበራት ብካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ክፍሊ ምዕባለ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ተዋሂቡወን። እዚ ንሓድሕደን ክፋለጣን ተመኩሮ ክለዋወጣን ዝተሰርዐ ዓውደ-መጽናዕቲ ክልተ ኣስተምህሮታት ማለት ጓለስተይቲ ዘለዋ ህያባት ብከመይ ክትጥቀመሉ ይግባእ ብእናቴ መድህን ግርማይ ከምኡ ከኣ ክብሪ ጓለንስተይቲ ዝብል ብኣቶ ግርማይ ኣስፍሃ ዝቐረበ ኣስተምህሮታትን መደብ ዘተን ዝትሕዝትኡ ነበረ።

ደቂ ተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን ሰብ ዓቢይ መብጽዓ ዝተሳተፍዎ፣ **ውፉይ ሕይወት፡ ጥዑም መኣዛ ክርስቶስ¡** ብዝብል ኣርእስቲ ቀዳም 05 ታኅሣስ 2015 ዓ.ም.ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፣ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ።
ናይዚ ዕለት ዕዱም መምህር ሊቀጳጳስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ብፁዕ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኮይኖም፣ ብዛዕባተን ቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮ ብምኽንያት እዚ ዓመት ውፉይ ሕይወት ዝጸሓፍወን ተሓጎሱ¡፤ ንቐሑ¡ ዝብላ ክልተ መልእኽታትን ዘተኰረ፡ ኣብ ክልተ ክፋል ዝተመቕለ ሰፋሕቲ ኣስተምህሮታት ሂቦም።
እቲ ካብ ምስ ክርስቶስ ዘሎና ጥቡቕ ርክብ ዝብገስ ምንጩ ክርስቶስ ዝኾነ ታሕጓስ ክንውንን፡ ከምኡœውን መኣዛ ክርስቶስ ኮይና፡ ነቲ ዝተመባጻዕናሉ ምኽርታት ቅዱስ ወንጌል እሙናት ኮይንና፡ ኣንጻር ፍትወት ስጋን ሃብትን ፍትወት ርእስናን እናተቓለስና፡ ክንምስክርን ይግባእ ብምባል፥ ምንጪ ሓቀይና ወንጌላዊ ታሕጓስ ብዘይተኸፋፈለ ልቢ ብንጽሕናን ድኽነትን ተኣዝዞን ምንባርን ምግልጋልን ምዃኑ ንትሕዝቶ እታ ›ተሓጎሱ¡ እትብል ሰነድ ብምውካስ፤ ትርጉም ሓጎስ ኣብ ውፉይ ሕይወት፣ ብሰፊሑ ገሊጾም።
ቀጺሎም ነታ ንቕሑ፣ ጠምቱ¡ እትብል ሰነድ ካልኤይቲ መልእኽቲ ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮስ እንኪትንትኑ፤ ብፍላይ ድንግልናዊ ተዓቕቦ ሕይወት ውፉያት ብዝምልከት ከኣ ብመሰረቱ ድንግልናዊ ተዓቅቦ፡ ምእንቲ መንግሥቲ ኣምላኽ፡ ነቲ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ብምሉእ ልብካን ብኹሉ ሓይልኻን ከምኡœውን ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቕር ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ ብምሕላው ዝንበር፡ ናይ ፍቕሪ ስራሕ፡ ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምልክት፡ ፍጹም ሃብቲ ጸጋ ኣምላኻ ክትቕበል ሃምኻን ቀልብኻን ናብ ክርስቶስ ብምግባር ውሽጣውን ደጋውን ምናኔ ምዃኑ፤ ነዚ ክትነብሮ ከኣ መንፈሳውነት፡ እምነት፡ ፍቕሪ፡ ተስፋ፡ ማሕበራውን ብሕታውን ጸሎት፡ መንፈስ ተጋድሎ፡ ማሕበራዊ ሕይወት፡ ምስክርነት የድሊ ክብሉ፡ ብጥቕስታት ቅ.መጽሓፍ ኣሰንዮም፣ ምስ ዕለታዊ ሕይወት ውፉያት፣ ኣዛሚዶም ግብራዊ ኣብነታት እናጠቐሱ ሃናጺ ኣተምህሮኦምን ኣባታዊ ምኽሮምን ሂቦም።

**9. ንግደት ሰብ ውፉይ ሕይወት፡ ናብ ደብረ ቅዱስ ያዕቆብ ሔቦ**
ብምኽንያት እቲ ቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳ ፍራንቸስኮ፡ ዝኣወጅዎ ዓመት ውፉይ ሕይወትን ዓመት ኢዮቤል ምሕረትን ኣብ ሰበኻ ኣሥመራ ዝርከቡ ሰብ ውፉይ ሕይወት፡ ካህናት፡ ደናግል፡ ኣኃው፡ ተመሃርቲ ብዝሓለፈ 28 ጥሪ 2016 ዓ.ም ብመስዋዕተ ቅዳሴን ብጾምን ብጸሎትን ኣስተምህሮን ዝተሰነየ መደባት ብዓቢይ መንፈሳውነት ንግደት ንሥርየት ኃጢኣት፡ ናብታ ቅርያት ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዓቂባ ዘላ ደብረ ማርያም ጽዮን ሔቦ ነጊዶም።

**10. ምዕጻው ዓመት ውፉይ ሕይወት ኣብ ርእሰ ኢጳርቅና ኣሥመራ**
ቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳ. ኣባ ፍራንቸስኮስ እቲ ካብ ዓሚ ሕዳር ጀሚሩ ክሳዕ ለካቲት 2016 ዓ.ም. ዝጸንሐ፡ ዓመት ሰብ ውፉይ ሕይወት¡ ከምዝኣወጁን ብዝሓለፈ ሰሉስ 2 ለካቲት ብወግዒ ከም ዝተዛዘመን ዝዝከርœዩ። ኣብ ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራœውን ብኮሚቴ ኣተግባሪ 2ይ ሰበኻዊ ሲኖዶስን ኣነቃቓሕቲ መማህራን ሰነ-መዕበያን ዝተመደበ፡ ዝተፋላለየ መደባት ጸሎትን ኣስተምህሮታትን ዓውደ-መጽናዕትታትን ንግደታትን በብእዋኑ ክካየድ ድሕሪ ጸኒሑ፡ ካብ ዝሓለፈ ሓሙስ ክሳዕ ቀዳም ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ብዝተኻየደ መደብ ጸሎት ሳልስትን ናይ ሰንበት ጳጳሳዊ መስዋዕተ ቅዳሴን ብወግዒ ተዛዚሙ።